# ኤርትራዊ መንእሰይ




ኣንቱም ኤርትራውያን መራሕቲ ህግዲፍ
መዓስ ኢኹም ተብቒዑ ንስልጣን ሃርገፍገፍ
ዓገብ ዶ ኣይኮነን ንጹሕ ወላዲ ብደቁ ክግረፍ
ሃየንታ ህዝቢ ኣብ ለምለም ሃገሩ ብጥምየት ክዕጸፍ።

ናይ 30 ዓመት ተጋዳላይ ህዝቢ ክርገጽ ክጽረፍ
መንእሰይ ብዕሽሉ ሰኣን ሰላም ህይወቱ ክኹለፍ
ብእከይ ሜላኹም ውሉድ ምስ ወላዲ ክጣለም ክጻደፍ
በሉ መስጣ ይውረድኩም ግፍዕኹም እንሆ ይጽፍጸፍ።

መሪሩ ናትኩምስ ኤርትራዊ ድሕሪ ናጽነት ንብረቱ ክዝረፍ
ዘስደምም እዩ ወዲ ዓዲ ብሂወቱ ጤሳኡ ርስቱ ክውረስ
ብመርዛም ምሕደራኹም ህዝቢ ልቡ ተሰሊቡ ኣፉ ክቁለፍ
ብጥይት ይምልዓስ እሱር ብጭንቂ ሙዩቕ እንተበለ ሓኽፍ
ኣብ ገምገም እዩ ዘሎ ኣረሚን ስርዓት ንወትሩ ይጽደፍ
ኣንታ ንቃላጠፍ ህግዲፍ ክምንቀስ ኩሉ ንቃልሲ ይሰልፍ።

በሉ ክሕብረኩም ንዓኻ ምስ ደገፍትኻ ኢሳያስ ኣፈወርቂ
ወንኑ ኣዋህልሉ ብኩንታላት ኣልማዝ ይኹን ወርቂ
ዓንትሩ ጨፍልቁ ግዝኡ ሙሉእ ኣፍሪቃ ዋላ ፍርቂ
ክትመቱ ኢኹም ጥራሕኩም ብ2 ሜትሮ ዓለባ ስንቂ።
ግናይ ሽም ትገድፈሎም ንወትሩ ንዝወለድኩሞም ደቂ
መሳኪን ክሳቀዩ ብግብርኹም መርዛም በሰላ ገዲፍኩምሎም ጠንቂ
ወይሎኹም ሰሪቡ ኣሎ ጸሊም ደበና ክጭደድ ብበርቂ
ኣብኡ ክትሸመሙ ኢኹም ክትቅህሙ ብነበልባል ሽልቆ።

ንዓኻየ ኣንታ ኢሳያስ ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ
እንታይ ይስምዓካ መንእሰይ ክጸንት ብመርዛም ህልቂ
ቀለብ ኣባይ ዕንቅሪቢት ተመን ክኸውን ብዘይ ዓራቂ
ኣብ ሃኪክ ምድረበዳ ሕጻ ክድፈን ብጽምኢ ደርቂ
ቀለብ ዓሳ ክኸውን ረዳኢ ኣልቦ ኣብ ውቅያኖስ ሃይቂ
ኣየ ጸገም እቲ ልብኻ ሓጺን ድዩ ሂወት ኣልቦ ጨርቂ
ካን ሓንጎልካ ተቆሊፉ ብክፉት ፈውሲ ኣልቦ ሕማም ዕርቂ
ብትምክሕትን ቂምን ተዋሒጥካ ኮይኑ ጥራሕ ወትሩ ጸይቂ።

ኣንታ ናይ ህግዲፍን ኢሳያስን በዚሑ ዕብዳን
ንሱ ዕንቅሪቢት ብንኡሱ ክመስል ጻድቃን
ንጥቅሙ ኣዒንቱ ዘይሓሲ ብሰለላ ብኣሉ ቀጣን
ኣጽኑቱዋ ንኹላ ትሕቲ ምድሪ ናይ ደም ዱኽን
እኪይ ኢሰብኣዊ ኣኽሊል ዝደፍኤ ሰራም ሰይጣን
ጉዳም ዘፈግድ ሰኽራም ናይ ምልኪ ንስልጣን።

ንስኻ ክትስሕቅ ክትዕንድር ምስ ወድኻ ኣብርሃም
ኣሽሓት ወለዲ ተዘሚቶም ደቆም ተኮርሚዮም ኣብ ጸላም
ኣዴታት ብተደራራቢ ሓዘን ተረሚሰን ብዘይነበረን ሕማም
በሊሕ ጆግና ፈላጥ ዝነበረ ብግፍዕኻ ኮይኑ ቋሕማም
ጎዳጉዲ ቤት ማእሰርትኻ ክዛረባ እየን ምስ ኮነ ሰላም
ሚሒልካ ንዲሞክራሲ ንቅሳነት ሎሚ ኮንካ ሕድሪ ጠላም።

ይቅጽል. . . . . . . ጸሃየ ቀለታ